

## ገለ ሰባት ተወሳኺ ክታበታት ከድልዮም ይኽእል'ዩ



ገለ ሰባት ካብ ረኽስታት ብዝመጸ **ከድቢ ሕማም ናይ ምስቓይ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎም** ስለዚ ከኣ ክከላኸለሎም ምእንቲ ተወሳኺ ክታበታት ክውሃቦም ኣለዎ። እዚ ንዓበይቲ ህዋሳቶም ወይ ንናቶም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ምስ ዝጸሉ ሕዱር ሕማም ንዝነብሩ ዘለዉ ሰባት ዘጠቓልል እዩ።



**ወይቦ A** ኣብ ልዑል ስግኣተ-ሓደጋ ናይ ወይቦ A ንዘለዉ ሰባት እቲ ክታበት ኣድላዪ እዩ፡ ነቶም ሕማም ጸላም ከብዲ ዘለዎምን ከምኡ ድማ ሓደ ሕማም ተሓቢርሎም ዘሎ ስድራትታትን ዘጠቓለለ።



**ወይቦ B** ነቶም ሕማም ጸላም ከብዲ ዘለዎም ሰባት ወይ ነቶም እቲ ረኽሲ ክሕዞም ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት (ንኣብነት ወይቦ B ካብ ዘለወን ኣዴታት ዝውለዱ ህጻናት ወይ እቲ ረኽሲ ዘለዎ ኣባል ስድራቤት ወይ መጻምዲ ዘለዎም ሰባት) እውን ተወሳኺ ናይ ወይቦ B ክታበት ኣሎ። ንስኺ ወይ ህጻንኪ ናይ ወይቦ B ክታበት ክውሃበኪ እንተልይዎ ንሓፈሻዊ ሓኪምኪ ሕተቲ።



**ሕማም ዓባይ ሰዓል** እቲ ክታበት BCG በቶም ኣብ ልዑል መጠን ዓባይ ሰዓል ዝርኣየሎም ከባቢታት ዝነብሩ ቆልዑን ዓበይትን ይድለ። ዓባይ ሰዓል ዝሓመሙ ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት ዘለውዎም ሰባት'ውን እቲ ክታበት BCG የድልዮም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ህሉው ናይ **NHSE** ናይ ምዝገባ መምርሒ (እቲ ፖሊሲ መባእታዊ ሕክምናዊ ክንክን ከምኡ ድማ ናይ መምርሒ መጽሓፍ-ሓበሬታ) ከምኡ ድማ እቲ ናይ **BMA** ሓርፋፍ መምርሒ ናይ ሕክምናዊ ድሌታት ስደተኛ ብኽብረትካ ናብዚ ዝስዕብ ብጻሕ፥ **https://bit.ly/2hv37zc**

NHS

ክምዝገብን ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም ፍወሳ ክረክብን መሰል ኣለኒ

## ንስኻ/ኺ ወይ ንስኻ ትግደሰሉ ሰብ ሓሚሙ ኣሎ ድዩ፧

Call 111

ናብ **NHS 111 ደውል** እንተድኣ ብህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ወይ ምኽሪ ትደሊ. ኾይንካ ግን ንህይወት ዝፈታተን ኲነት ኣብ ዘይኮነሉ ኣጋጣሚ። ኣየናይ ናይ NHS ኣገልግሎት ከምዘድልየካ ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ'ውን ናብ NHS 111 ክትድውል ትኽእል።

**ምኽሪ ንምርካብ ንናይ ከባቢኻ ክኢላ ፋርማሲ ሕተት** - ናትካ ክኢላ ፋርማሲ ብዛዕባ ብዙሕ ልሙዳት ንኣሽቱ ሕማማት፡ ከም ውጽኣት፡ ንኣሽቱ ረኽስታት፡ ሕማም ርእሲ፡ ናይ ጕዕዞ/መገሻ ምኽሪ ወይ ቃንዛ ጎሮሮ ዝኣመሰሉ ምኽሪ ክህበካ ይኽእል እዩ።

**ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ቆጸራ ሓዝ** እንተድኣ ጽቡቕ ዘይስምዓካ ኣሎን ህጹጽ ኲነት ከኣ እትተዘይኮይኑን።

ናብ ብዘይ ቆጸራ ዝእቶ ማእከል፡ ኣሃዱ ንኣሽቱ መጉዳእትታት ወይ ማእከል ህጹጽ ክንክን ብጻሕ  እንተድኣ ፎኪስ ሕማም ወይ መጉዳእቲ ኣለካ ኾይኑ (ምልሕጻጽ/ጥባሕ፡ መግመይትታ ወይ ዕንፍሩር) እንተልዩካን ክሳብ መጥባሕቲ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ዝኸፍት ከኣ ክጸንሕ ዘይክእል እንተኾይኑን።

999

ናብ **999 ደውል** እንተድኣ ብጽኑዕ ዝሓመመ ወይ ማህሰይቲ ዝበጽሖ ሰብ ኣሎ ኾይኑን ህይወቱ ከኣ ኣብ ሓደጋ እንተልዩን።

A&E

**ናይ A&E ክፍሊ** (ክፍሊ ህጹጽ ኲነት ወይ ጕድኣት ተባሂሉ'ውን ዝፍለጥ)ንናይ ብሓቂ ህይወት ዝፈታተኑ ህጹጽ ጉዳያት ይርኢ። ሰባት ይርኣዩን ብመሰረት ኣድላይነት ከኣ ይፍወሱን።

UK Health Security Agency

© Crown መሰል ቅዳሕ 2022። MG235589 1P ታሕሳስ 2019 (APS)
UK Health Security Agency gateway number: 2019240

UK Health Security Agency

NHS


ናብ ዩኬይ ግዒዝካ

# ብዛዕባ ክታበታትካ ዝሓደሱ ሓበሬትታት ይሃልዉኻ



Fixed_PHE_11152_Migrant vaccinations – DL leaflet 15_TI.indd 1-3
28/01/2020 13:19:37

## ክታበታት ንኣኻን ንስድራቤትካን ካብ ከበድቲ ረኽስታት ንምክልኻል ዘገልግሉ ዝውሓሱ መንገትታት እዮም - ጥዕናኻ ንምዕቃብ ይሕግዙ



ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ መብዛሕትኦም ክታበታት ብናጻ ኣብቲ NHS ይውሃቡ። ክታበታት ኣብ ምሉእ ህይወትካ ክከላኸሉልካ ይኽእሉ። ንቆልዑ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ፈላማ መከላኸሊ ንክኾኖም ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ንህጻናትን እግሪ-ተኸልታትን ይውሃቡ። ክታበታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣመና ቅቡላት ብምዃኖም፡ ግዴታ ኣይኮኑን።



ክታበታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪምካ ብዘለዉ ነርሳት ይውሃቡ። ነርሳት ሕክምና ምኽሪ ንምሃብን ክታበታት ንምሃብን ብፍሉይ ዝሰልጠኑ እዮም። እቲ ነርስ ነቲ ሕክምናዊ ታሪኽ/ድሕረ ባይታ ብጥንቃቐ ክርእዮ/ክትርእዮ እያ ግን፡ ንስኺ ወይ ቆልዓኺ ጥዑያት ክሳብ ዝሃለኹም፡ ብዶክተር መርመራ ምኽያድ ኣድላዪ ኣይኮነን።

ብዕድመ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክታበታት ክውሃቦም እዩ። ናይ ዓበይቲ ሰባት ክታበታት ከም ንቡር ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪምካ ወይ ኣብ ፋርማሲ ይውሃቡ።



እንተድኣ ንስኺ/ኻ ወይ ቆልዓኺ ኩሎም እቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝምከሩ ክታበታት ምውሳድኩም ርግጸኛ ዘይኮይንኪ - ኣብቲ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪምኪ ኣረጋግጺ። ነቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝሕተቱ ክታበታት ክተርክብሎም ግዜ ኣይሓለፈን።

### ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪም ምምዝጋብ

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪም ክምዝገብን ከምኡ ድማ ናይ መባእታ ክንክን ዶክተር ወይ ነርስ ብናጻ ክሪኦን ይኽእል። ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪም ንምምዝጋብ መረጋገጺ መንነት ወይ ናይ ኤሚግረሽን ኩነትካ ክተቕርብ ኣየድልየካን እዩ።

እዚ ንስኻ/ኺ ደላዪ ዕቑባ፡ ስደተኛ፡ ገዛ-ኣልቦ ተሓካሚ ወይ ካብ ወጻኢ ሃገር ጽመጸ በጻሒ፡ ኣብ ዩኬይ ብሕጋዊ መንገዲ ይነብር ይሃሉ ኣይሃሉ እውን ዝምልከት እዩ።

ዋላ'ውን ድልዱልን ጥዑይን እንተኾንካ ክትምዝገብ ኣለካ። ናይ ጥዕና ክንክን መኣስ ከምዘድልየካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ከምኡ ድማ እቲ ሕክምና ጥዕናኻ ንምሕላው ገታኢ ኣገልግሎታት ክህበካ ይኽእል እዩ።

እንተድኣ መሰነዪት ወይ ኣስተርጓሚ ትደልዩ ኮይንኪ፡ ንሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪምኪ ሕተቲ።

## ነፍስ ወከፍ ሰብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪም ክምዝገብ ኣለዎ። ብናጻ ክትርእዮም ትኽእል ኢኻ መረጋገጺ ናይ ኣድራሻ ከኣ ኣየድልየካን እዩ

ዝርዝራት ብዛዕባ ከመይ ገይርካ ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ትምዝገብ ኣብዚ ብበታኒ ወረቐት እዝን ኣብዚ ዝስዕብን ክትረኽቦም ትኽእል **www.nhs.uk/using-the-nhs/nhs-services/gps/how-to-register-with-a-gp-practice**

ንገለ ፍወሳ ኣብቲ NHs ክትክፍል ትኽእል ኢኻ፡ ግን ዝውቱር ክታበታት ብናጻ እዮም።

## ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብ ጸገማት እንተልዮምኻ እንታይ ትገብር፧

ገና ጸገማት እንተልዮምኻ ናብ 111 ደውል።

### ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተፈላለዩ ክታበታት ይህባ

ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ክተረጋግጽን ኩሎም እቶም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብናጻ ንህቦም ክታበታት ከምዝወሰድኪ ክተረጋግጽን ጽቡቕ እዩ። ስለምንታይ ከምዝሓለፉኺ ኣየገድስን እዩ፡ ክተርክብን መከላኸሊ ክትወስድን ኣገዳሲ እዩ።

ገለ ረኽስታት ኣብ ካልእ ሃገራት ዝያዳ ልሙዳት ክኾኑ ይኽእሉ፡ ስለዚ ናብ ወጻኢ ሃገር ቅድሚ ምጋሽካ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ክታበታት ዘድልዩኻ እንተኾይኖም ምርግጋጽ እውን ኣገዳሲ እዩ - ገለ ናይ መገሻ ክታበታት ኣብቲ NHS ብናጻ ኣይኮኑን።



## ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣዘውቲሮም ዝውሃቡ ክታበታት መኣስ ይውሃቡን ከምኡ'ውን እንታይ እዮም፧



ክታበታት ንሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት፡ ንኣሽቱ ቆልዑ፡ ጎራዙ፡ ጥኑሳት ደቀንስትዮን ዕድመ ዝደፍኡ ሰባትን ይውሃቡ። ተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ክታበት መደብ ኣብዚ ክትረኽቦ ትኽእል www.nhs.uk/conditions/vaccinations. እንተድኣ ዝኾኑ ካብቶም ኣብ ናይ ዩኬይ መደብ ዘለዉ ክታበታት ሓሊፎምኻ ኣለዉ ኾይኖም፡ ገና ምክልኻል ከድልየካ ይኽእል'ዩ፡ ዋላ'ውን ኣብ ዝዓበየ ዕድመ። ተርክበሉ ዶዝ ዘድልየካ እንተኾይኑ ንሓፈሻዊ ሓኪምካ ወይ ነርስካ ሕተት።



ህጻናትን እግሪ-ተኸልታትን ክታበታት የድልዮም እዩ ካብ ናይ እዋን ቁልዕነት ረኽስታት ንኽከላኸሎም ንከም ንፍዮ፡ ጽግዕ፡ ሩበላ (MMR)፡ ሮታቫይረስ፡ ዲፍተርያ፡ ትኽትኽታ፡ ኣንቅጺ፡ ፖልዮ፡ ቲታኑስ፡ ወይቦ B፡ ዓባይ ሰዓልን ካልእን ዝኣመሰሉ ዘጠቓለለ።



ናይ ቅድመ ቤት-ትምህርቲ ቆልዑ ንገለ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ሕማማት ዝኾኑ ኣበራታዕቲ ክታበታት የድልዮም። እዚ ንቖልዑ ብዝሓሸን ንዝነውሐን ንኽከላኸለሎም ይሕግዝ። ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ቆልዑ ናይ ፍሉይ ክታበት ነፍስ ወከፍ ዓመት ይውሃቦም።



ጎራዙን ኮተቴታትን ካልእ ረዳዒ (ኣበራታዒ) ክታበት የድልዮም ንገለ ካብዞም ረኽስታት እዚኦም ዝኸውን፡ ንኣንቅጺ ዘጠቓለለ፡ ክሳብ ዕብየቶም ዝቕጽል ዝነውሐ ምክልኻል ንኽህቦም። ንሳቶም ገለ መንሽትታት ክከላኸል ዝኽእል ናይ HPV ክታበት'ውን ይውሃቦም።



እንተድኣ ቆልዓ ንምውላድ ትምድቢ ኣለኺ ኮይንኪ ንኹሎም ክታበታትኪ ከምዝወሰድክዮም ኣረጋግጺ - ብፍላይ ክልተ ዶዛት MMR - ቅድሚ ምጥናስኪ።

ጥንስቲ እንተኾይንክን ንኣኽን ንህጻንክን ካብ ትኽትኽታን ፍሉን ዝከላኸሉ ክታበታት ዘድልየኪ እትተኾይኑን። ንሽም ወይቦ B ዝኣመሰሉ ካብ ኣደ ናብ ቆልዓ ክሓልፉ ዝኽእሉ ረክስታት'ውን ክትርኣዪ (መርመራ ደም ክትገብሪ) ኣለኪ። ገለ ህጻናት ምስ ተወልዱ ተወሳኺ ናይ ወይቦ B ክታበት ከድልዮም ይኽእል።



ብዕድመ ዝዓበዩ ሰባት ኣንጻር ፍሉ፡ ኒሞንያ ከምኡ ድማ ሺንግለስ (ነድሪ ቆርበት ሽምጢ) ዝከላኸሉሎም ክታበታት የድልይዎም።

**ንስኺ ወይ ቆልዓኺ ዝኾኑ ዝውቱራት ወይ ተወሰኽቲ ክታበታት ዘድልዩኺ እንተኾይኖም ንምርግጋጽ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ ወይ ነርስኺ ተዘራረቢ።**

Fixed_PHE_11152_Migrant vaccinations – DL leaflet 15_TI.indd 4-6
28/01/2020 13:19:37